UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés

# ናይ ሓበሬታ ወረቀት ን ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ሓተቲ ዑቕባ

## ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ኣብ እስራኤል ብኸመይ መሰላትካ ተውሕስ

ብመኽንያት ኣብ ሃገርካ ከጋትመካ ዝኽእል ሓደጋ ሰጊእካ ናባ ሃገርካ ክትምለስ ዘይትኽእል እንተኾንካ ኣብ እስራኤል ከም ስደተኛ ከተመልክት መሰል ኣለካ። እዚ መሰል እዚ ብዘይገድስ ካብ መበቖል ሃገርካ ንእስራኤል ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ እንተኣቲኻ ይግባኣካ እዩ።

*መን'ዩ ስደተኛ?*

ንመረዳእታኹም፣ ስደተኛ ማለት ዝኾነ ሰብ ኣብታ ዑቕባ ዝሓተላ ዘሎ ሃገር (ኣብዚ ጉዳይ እዚ እስራኤል)ንኽጸንሕ ፍቓድ ኣለዎ። መንግስቲ እስራኤል ናብ ሃገሮም ክጥርዞም ዘይክእለሉ መኽንያታት፣

- ኣብ ሃገሮም ብገዛእ መንግስቶም ወይ ብካልእ ጉጅለ ከይቅተሉ ስግኣት እንተለዎም (ወይ መንግስቶም ንኽይቅተሉ ዘይከላኸለሎም እንተኾይኑ)
- እቲ ስግኣቶም ርጉጽ እተኾይኑ (ውልቃዊ ኩነታት ናይ ኣ መልካቲን ኩነታት ሃገሩን ተራእዩ) ከማኡ'ድም
- መኽኒያት መቅተሊኦም ብሰንኪ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ድማ ብሰንኪ ማሕበራዊ ጉጅለ እተኾይኑ።

*ስለምንታይ ከም ስደተኛ ምእንቲ ክትፍለጥ ናይ ስደተኛ ፎርም ትመልእ?*

- ቅድሚ ሕጂ ሃገረ እስራኤል ናይ ሓባር ጸግዒ ክትህብ ጸኒሓ። በዚ ሓድሽ ሕጊን ህሉው ናይ መንግስቲ እስራኤል ፖሊሲ እቲ ዝጸንሐ ጸግዒ ኣይክህብን'ዩ።
- ምእንቲ ቀጻሊን ውሑስን ጸግዒ ካብ ሃገረ እስራኤል ክትረክብን ብሓይሊ ንኽይትጥረዝን ናይ ስደተኛ ፎርም ክትመልእ ኣለካ። እዚ እትሰግእን ጸግዒ ከምዘድልየካን ከተረድእ የኽእለካ።
- ክሳብ ቀረባ ግዜ ኣብ እስራኤል ግዝያዊ ጸግዒ ረኪቦም ዝጸንሑ ጉዳዮም ብውልቂ ደረጋ ዝረኣየሉ ዕድል ኣይተወሃቡን። ሕጊ እዚ ተቀዩሩ ነብሲወከፍ ከም ስደተና ንኽፍለጥ ዘኽእሎ ውልቃዊ ጥርዓኑ ክቕርበሉ ዘክእል ዕድል ተፈጢሩሉ ኣሎ።
- ከም ስደተኛ ተፈላጥነት እንተረኺብካ ኣብ እስራኤል ግዝያዊ መንበሪ ፍራድ ይወሃበካ፣ እዚ ናይ ስራሕ ፍቓድን ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎትን የጣቅልል (ከም ናይ ጥዕና መድሕንን ናይ መነባብሮ ሓገዝን)።
- እቲ ጥርዓንካ እንተተነጺጉ ግን ድማ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘይትኽእል ምኻንካ እንተተወሲኑ ከምዚ ሕጂ ዘለኻዮ ግዝያዊ ጸግዒ ክወሃበካ'ዩ።
- ኣብ እስራኤል ካብ ዛኣተኻሉ ወይ ድማ ካብቲ ጥርዓንካ ከተቕርብ ዝተፈቐደልካ ግዜ ጀሚርካ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ናይ ዑቕባ ጥርዓንካ ከተቕርብ ይግባኣካ። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከተቕርብ እንተዘይኪኢልካ ንመጻኢ ከይፍቐደካ ይኽእል'ዩ።

*እቲ ናይ ስደተኛ ፎርም መሕተቲ ኣበይ ክትረኽቦ ትኽእል?*

- ከም ስደተኛ ንኽትፍለጥ ናይ ስደተኛ መወሰኒ መሕትት (RSD) ክትመልእ ኣለካ። እዚ ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት እስራኤል (ሚውጉእ) (ጎደና ሳላመ 53, 7ይ ደርቢ ተል ኣቪቭ) ብኣካል ብምኻድ ክትወስዱ ትኽእሉ ውይድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ http://www.piba.gov.il/AuthorityUnits/Documents/RSD_application.pdf ተወከሱ.
- ናይ ስደተኛ መወሰኒ መሕትት (RSD) ኣብ ቤት ጽሕፈት ዩ.ኤን.ች.ሲ.ኣር. (ጎደና ሃ'ሃሽሞናኢም 119, 2ይ ደርቢ ተል ኣቪቭ) ወይ ድማ ኣብ ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. (African Refugees Development Center) ተል ኣቪቭ | ሓዲሽ መዕረፊ ኣውቶቡስ (ተኻና መርከዚ) ጎደና ለቪንስኪይ 108 ክትረኽቡ ትኽእሉ።
- ካብ መዓስከር ሆሎት ወይ ድማ ካብ ቤት መእሰርቲ ሳሃሮኒም/ጊቮን ከም ስደተኛ ከፍልጠኩም ዝኽእል መሕትት (RSD) መሊእኩም ከተቕርቡ ይግበኣኩም። እቲ መሕትት (ፎርም) ኣብ ወከልቲ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ምስኩሉ መሳለጥያታቱ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

*መታሓሳሰቢ። ነቲ መሕትት ንኽትቕበሉ ናብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ጎደና ሳላመ ትኸዱ፣ ናይ ስደተኛ መሕትት (RSD) ከተረኪብ ከምዚ መጻካኺ ብንጹር ክትገልጸሎም ኣለካ ይግባኣካ።*

### *ነቲ መሕትት ክትመልእ ከለኻ እንታይ ኣብ ግምት ከተእቱ ይግባኣካ?*

- ነቲ መሕትት ብ ኢንግሊሽ፣ ሂብሩው ውይ ድማ ብቋንቋ ኣዴኻ ክትመልእ ኣለካ፣ ብዝተኻኣለካ ብዝዝርን ንኹሉ ሕቶታን መሊስ።
- ነቲ ናይ መሕትት ፎርም በይንኻ ኣይትመልኣዮ፣ ንኽትመላአ ካብ ኮማዊ ማእከላት ሓገዝ ክትሓትት ንመክር። ነቲ ፎርም ንንምላእ ዝያዳ ሓገዝ እንተኣድሊዩካን ከምኡድማ ዝተሓላለኽ እንተኾይኑ ን ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. (ተል ኣቪብ | ሓዲሽ መዕረፊ ኣውቶቡስ (ተኻና መርከዚ) ጎደና ለቪንስክይ 108, www.ardc-israel.org, ተሌፎን: 03-6391416, ፋክስ: 03-6391415; ሰንበት -ሓሙስ 12:00-18:00) ተወከሱ.

ቅድሚ ነቲ ፎርም ምምላእካ ነቲ ትርጉም ስደተኛ ማለት ተባሂሉ ብመሰረት ውዕል ስደተኛ 1951 ተጻሒፉ ዘሎ ተማልእ ምኳንኳ ኣረጋግጽ።

- ስለምንታይ ካብ መበቆል ሃገርካ ከምዝወጻኻን ናብ ሃገርካ እንተተመሊስካ ሂወትካን ናጽነትካን ኣብ ሓደጋ ከምዝወዲቕን ከተረድእ ክትክእል ኣለካ።
- ብተወሳኺ ስለምንታይ መንጊስትኻ ወይ ካልኦት ጉግለታት ከምዘጥቕዑኻ ውይድማ ክጥቅዑኻ ከምዝኽእሉ ክትገልጽ ክትእል ኣለካ።ንኣብነት ንስኻ ናይ ሓደ ብሄር ውይድማ ናይ ሓደ ማሕበር ኣባል ክትከውን ትኽእል፣ ወይ ፉሉይ እምነት ወይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ክህልወካ ይኽእል፣ ወይድማ እቶም ሰበስልጣናት ትቃወም ኣለኻ ኢሎም ክሓስቡ ይኽሉ።
- ሓፈሻዊ መግለጺ/ቃል ኣይትሃብ፡ ነኣብነት "ብ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገረይ ገዲፈ ወጺአ"። ናይ ውልቕኻ ኩነታት ብንጹር ከተብርህን ከተንጽባርቕ ክትክእል ኣለካ። ኣብ ሃገርካ እንታይ ዓይነት ስግኣት ገጢሙካ ውይድማ ከጋጥመካ ይኽእል ኔሩ። ሕጂ ንሃገርካ እንተተመሊስካ እንታይ ዓይነት ሓደጋ ከጋጥመካ ይኽእል።
- ብተወሳኺ ከምዚ ናትካ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዎም ስድራኻ ውይ የዕሩኽትኻ እንታይ ከምዘጋጠሞም ግለጽ።
- ብዝተኽኣለካ መጠን እኹል ሓበሬታ ክትህብ ኣለካ። ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣባል ኣንተኔርካ ናትካ ኣገልጉሎትን ንጥፈታቲን（ንኣብነት ሰለማዊ ሰልፊ）ብመንግስቲ ኣንጻርካ ዝተወሰደ ስጉምቲ፣ ማዕርግካ ኣብ ግዜ ወትሃደራዊ ኣገልጉሎት፣ ዝተሳተፍካዮ ንጥፈታት ከማኡድማ ትእዛዝ ዘይምፍጻምካ ዘጋጥመካ ነገርን።
- እዚ ኣገባብን እቲ ትህቦ ሓበሬታን ብምስጢር'ዩ ዝተሓዝ። መንግስቲ ናይ መበቆል ሃገርካ ይኹን ካልእ ኣባል ናይ ሕብረትሰብካ ብዘይ ናትካ ፍቓድ ናትካ ሓበሬታ ኣይክወሃቦምን'ዩ።

ነቲ ፎርም ክትመልኦ ከለኻ ከተረጋግጾ  ዝግበኣካ፡

- ሓቂ ንገር፣ እቲ ትህቦ ሓበሬታ ድማ ምስቲ ኣቐዲምካ ዝሃብካዮ ዝሳነ ክኸውን እለዎ።
- ብንጹር ዝንበብን ጽፉፍን ኣገባብ ጸሓፎ (ርግጸኛ እተዘይኮንካ መጀመርያ ኣብ ንድፊ (draft) ጽሓፎ ቀጺልካ እቲ ናይ መወዳኣታ እትብሎ ናብቲ ፎርም ኣስግሮ)።
- ብዝተኻኣለካ መጠን ትኽክል ግዜን ኩነታን ኣንጸባርቕ （እቲ ግዜን ዓመትን ዘይትዝክሮ እንተኾንካ ባዕልኻ ገምጊምካ እቲ ፍጻመ ኣብቲ ትህቦ ዘለኻ ግዜ ዝሳነ ምኳኑ ኣረጋግጽ። ጠቕላላ ክትዝክሮ እንተዘይከኣልካ ካልእ ኣብቲ ኡዋን እቲ ኣብ ሃገርካ ዝተፈጸመ ፍጻመ ግለጽ፣ ባዕልኻ ግን ዕለት ኣይትምሃዝ፣ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ከምዘይትዝክሮ ጥራይ ግለጽ።

- ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. ከመይ ጌርካ ነቲ ፎርም ከምትመላአ ዝሕብር መምርሒ ብ ቪዲዮ መልክዕ ብዝተፈላለዩ ቋንቋ ተዳሊዩ ኣሎ። ቅድሚ ነቲ ፎርም ምምላኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት  ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. ነቲ ቪዲዮ ንኽትሪአ ክትሓትት ትክእል ኢኻ።

### *ከመይ ጌርካ ነቲ ናይ ስደተኛ መሕትት ፎርም ተረክቦ? እንታይ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኣለዎ?*

- ነቲ ፍሮም (RSD) ምስመላእካዮ ናብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት መቀበሊ ማእከል (ጎደና ሳላመ 53, 7ይ ደርቢ) ብኣካል ኬድካ ኣረክቦ።ብኽብረትካ ቅዳሕ ናይቲ ፎርም ዘረከብካዮ ምሳኻ ኣትርፍ፣ ዘረከብካሉ ዕለት ውን ጽሓፎ።. [1]
- ሕጋዊ መሰረት እኳ እንተዘይብሉ እዚ እዋናዊ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ንጥፈቱ ከም ስደተኛ ምእንቲ ክትሓቲት ጻቭ ሃርሻካ ክህልወካ ኣለዎ ("tzav harchaka" ናይ ምእታው ሕጊ ትእዛዝ ዘልዕል - ብዝያዳ ናይ ምጥራዝ ኣዋጅ ዝምልከት)። ጻቭ ሃርሻካ እንተደኣ ዜይተቐቢልካ፣ መጅመርታ ናብ ቤት ጽሕፈት ወከልቲ ምቁጽጻር ዶብ ኣብ ሚኒስትሪ ውሽታዊ ጉዳያት ክትቀርብ ኣለካ። ኣብኡ ጉዳይካ ብሕጽር ዝበለ ክስማዕ'ዩ፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ ብድሕሪኡ ጻቭ ሃርሻካ ክወሃበካ እዩ። ብድሕሪዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ሳለመ ከም ስደተኛ ምእንቲ ክትሓትት ከኽእለካ እዩ።

[1] ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት እንተዘይተመዝጊብካ፣ ናይ ምስገባን መንነትን መስርሕ ክትሓልፍ ክትሕተት ኣለካ፣ እዚ መስርሕ ክትሰኣልን ባዮመትሪካዊ ሓበሬታ (biometric information) ክውሰደካ'ዩ። ህሉው ኣድራሻኻን ብኸመይ ክምእትርከብን ክትሕተት ኢኻ። ብድሕርዚ እቲ መሕተቲ ስደተኛ ከተረክብ ትኽእል።

**<u>ቀዳማይ ደረጃ መስርሕ፡ መሰረታዊ ቃለመጠይቕ</u>**

- ነቲ መሕተቲ ፎርም ድሕሪ ምርካብካ ብሓለፍቲ ናይ ኢሚግሬሽን በዓል ወኪል ናይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ንመሰረታዊ ቃለመጠይቕ ክትገብር ክትዕደም ኢኻ።
- ስለምንታይ ንሃገርካ ከምዝገደፍካ፣ ንሃገርካ እንተተመለስካ እንታይ ዓይነት ዘስግኣካ ሓደጋ ኪጋጥመካ ክትገልጽ ኣለካ።
- ብዛኦባ መንነትካ ወይድማ መበቆል ሃገርካ ዘጠራጢር ነገር እንተኾይኑ ጉዳይ ጥርዓንካ ክንጸግ ይኽእል'ዩ። እንተዘይኮይኑ ሓፈሻዊ ቃለመጠይቕ ይቕጽል፣ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ወይድማ ሓዲሽ ቆጸራ ኣብ ካልእ ግዜ ይግበረልካ።

**<u>ካልኣይ ደረጃ መስርሕ፡ ሓፈሻዊ ቃለመጠይቕ</u>**

- እዚ ቃለመጠይቕ እዚ ካብ ሃገርካ ስለምንታይ ወጺኻ፣ ናብ ሃገርካ እንተተመለስካ ስለምንታይ ኣብ ሓደጋ ከምዝኾንካን ብዝርዝር ኩተብርህ ይግበኣካ።
- እቲ ቃለመጠይቕ ዝገብረልካ ሰብ ጥርዓንካ ክምርመሮ'ዩ፣ ብድሕሪኡ በቶም ውሳነ ዝህቡ ኣካላት ጥርዓንካ ተራእዩ በቲ ኣብ 1951 ዝተገበረ ውዕል ስደተኛታት መሰረት ብቑዕ ምዃኑ ክርአ'ዩ። ብቑዕ እንተኾይኑ እስራኤል ከም ስደተኛ ክትፈልጠካ'ያ፣ ጉዳይካ ድማ ኣብ ሓጺር ወይድማ በቲ ንቡር መስርሕ ክካየድ ምዃኑ ክምርመር'ዩ።
- ክልቲኦም ኣገባባት መስርሕ ነቲ ናትካ ጉዳይ ንኽምርመርን ውሳነ ክወሃበካን ክገልግሉ እዮም። እቲ ፍልልይ መን ነቲ ውሳነ ከምዝህብ'ዩ (ሓላፊ ናይ ምኽሪ ኮሚተ ውይ ሙሉእ ኮሚተ፣ ሓላፊ ናይ ኢሚግሬሽን በዓል መዚ ከማኡውን/ወይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳይ)።

**<u>ሳሊሳይ ደረጃ መስርሕ፡ ንቡር/ሓጺር ኣገባብ መስርሕ</u>**

- ንቡር ኣገባብ መስርሕ፡ እቲ ኣኽባ ኣማኻሪ ኮሚተ ጉዳይ ስደተኛታት ጉዳይካ ክምርምር'ዩ ከማኡድማ ሕቶኻ ከም ስደተኛ ቅቡል ንክኾውንን ከይኮውንን ክውስን'ዩ።
- ሓጺር ኣገባብ መስርሕ፡ እቲ ሓላፊ ናይ ኣማኻሪ ኮሚተ ጉዳይካ ክምርምር'ዩ ከማኡድማ ሕቶኻ ከም ስደተኛ ንኽንጸግ ወይ ቅቡል ንክኸውን ውሳነ ክህብ'ዩ።

**<u>ራብዓይ ደረጃ ኣገባብ መስርሕ፡ ውሳነ ኣብ ጉዳይካ</u>**

- ኣወንታዊ ወይ ኣሉታዊ ውሳነ ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ወይድማ ሓላፊ በዓል መዚ ኢሚግሬሽን ክትቅበል ኢኻ።
- እቲ ውሳነ ኣሉታዊ እንተኾይኑ መኽንያት መንጸጊኻ (ዘይ መቐበሊኻ) ዝገልጽ ደብዳቤ ክወሃበካ'ዩ።.
- ድህሪ ውሳነ ምፍጻሙ ቅዳሕ ናይቲ ቃለመጠይቕ ዝገበርካሉ ፕሮቶኮል ወይ ድማ ፕሮቶኮል ናይቲ ዘተ ዝተኻየደሉ ኣብ ጉባእ ኣማኻሪ ኮሚተ ኣብ ጉዳይካ (እንተሎ ኮይኑ) ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ውሽታዊ ጉዳያት ጎደና ሳላመ 53 ክትሓትት ትኽእል። እዚ ብሕጋዊ ወኪልካ ሕቶኻ ዳግመ ግምት ክግበሮ ውይድማ ናብ ዞባዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳራዊ ጉዳያት እግባይ ንኽትቢል ይሕግዘካ።

**<u>ሓሙሻይ ደረጃ ኣገባብ መስርሕ፡ ዳግመግምት ወይድማ ይግባይ ምባል</u>**

- ቅድሚ ሕጂ ከተቕርቦ ዘይከኣልካ ሓዲሽ ጭብጢ ወይ ሰነድ እንተልዩካ ውይድማ ሓዲሽ ለውጢ ኣብ ኩነታትካ እንተሎ ጉዳይካ ዳግማይ ንኽርአ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ካብታ ናይ ኣሉታ መልሲ ዝተቐበልካላ ግዜ ናብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ጥርዓንካ ተቕርብ።
- ከም ኣማራጺ፣ እንተደአ እቲ ውሳነ ነቲ ናትካ ድሌየት ናይ ጸግዒ ብትኽክል ኣብ ግምት ዘየእቱ እተኾይኑ ከማኡድማ/ወይድማ ናይ ስደተኛ ትርጉም ብዝግባእ ዘይገልጽ እንተኾይኑ፣ ወይድማ ኣብ መስርሕ ፎርም (RSD) ጉድለት ከምዘሎ እንተተሰሚዑካ (ንኣብነት እቲ ትርጉም ንጹር ኣይነበረን ዝብል) ፣ ኣንጻር እቲ ዝተወሃበካ ናይ ኣሉታዊ ውሳነ ኣብ ጉዳይካ ናብ ዞባዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ከተቕርብ ትኽእል። እዚ መስርሕ'ዚ ሕሊኽላኽ ስለዝኮነ ከማኡድማ እቲ ሰነድት (ዶኩመንት) ብሂብሩ ክምላእ ስለዘለዎ ነዚ ፍጻመ'ዚ ሕጋዊ ወኪል ክትገቢር ንመክር።.

*ኣብ ናይ ዑቕባ መስርሕ፡ እንታይ’ዮም መሰላትካን ግዴታኻን?*

- ኣብ ግዜ ቃለመጠይቕ ሙሊእ ምትሕብባር ክትገቢር ኣለካ ኮማኡድማ ሓቂ ንገር። ገለ ሓቅቲታት ክትዝክር እንተዘይከኣልካ ኣይዝክሮንየበል፣ምስቲ ዝሃብካዮ ሰነድ ወይ ፍጻመ ክትሳነ ፈቲን ።
- ሕቶ እንተዘይተረዲኡካ ወይድማ እቲ ትርጉም ዘይቕኑዕ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ ኣብ ግዜ ቃለመጠይቕ ክምኡበል። ከማኡድማ ብትኽክል ርዱእ ንክኾነልካ ኣትሪርካ ሕተት።
- ዝኾነ ንጥርዓንካ ክድግፈካ ዝኽእል ሰነድ ኣቕርብ።
- ሂብሩ ዘይትመልኽ እንተኾይንካ ከሙኡድማ ብናይ ኣዴኻ ቋንቋ ቃለመጠይቕ ክግበረልካ እንተደሊካ ኣተርጓሚ ሕተት።
- ብመኽንያት እቲ ዝሓተካ ወይ ዝትርጉመልካ ዘሎ ኣንጻር ጾታካ ኮይኑ እንተዘይተበሪሁካ ከም ናትካ ጾታ ዘለዎ ሓታታይ ወይ ቶርጋማይ ንክኸውን ክትሓትት መሰል ኣለካ።
- ብዛዕባ ገለ ኻብቲ ኣሸጋሪ ተሞክሮ ዝሓለፍካዮ ንክትዛረብ ዝኽብደካ እንተኾይኑ ነቲ ሓታታይ ክትነግሮ ኣገዳሲ’ዩ። ኣድላዪ እተኾይኑ ዕርፍቲ ሕተት።
- ጽቡቕ እንተዘይተሰሚዑካ ንቲ ሓታቲ ክትነግሮ ኣለካ።
- ኣብ ኩሉ መስርሕ ብጠበቓኻ ክትውከል መሰል ኣለካ ከማኡውን ኣብ ግዜ እቲ ቃለመጠይቕ ምሳኻ ክህሉው ይኽእል’ዩ፣ ኣብክንዳኻ ኮይኑ ክዛረብ ግን ኣይክእልን’ዩ። እቲ ጠበቓ ቅድሚ ወይ ድሕሪ እቲ ቃለመጠይቕ ጥራሕ’ዩ ርእይቶ ክህብ ዝኽእል።
- ዝኾነ ናይ ኣድራሻኻን እትርከበሉ ትኽእል ለውጢ እንተሎ ንሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ብ ኢ-መይል፣ ፋክስ ወይ ብ ተሌፎን ሓብር።
- ብመትከል ናይ ስደተኛ ጉዳይካ እንዳተራእየ እንኮሎ ክትእሰረ ወይድማ ካብ እስራኤል ክትጥረዝ ኣይግባኣካን’ዩ. ክሳብ ቀዳማይ ውሳነ ትቕበል ቪዛ (2(a)(5)) ክህልወካ’ዩ። ዳግመ ግምት ንኽግበረልካ ምሕጽንታ እንተእቅሪብካ ጸግዒ የብልካን ናብ መምሕዳራዊ ጉዳያት ዞባዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ እንተደኣኢልካ ካብ ምጥራዝ ክከላኸለልካ ዝኽእል ካብ ቤት ፍርዲ ወረቐት ይድሌካ።

*ወለንታዊ ምምላስ ፎርም ክፍርም ኣለኒ’ዶ? ኣቐዲመ ፈሪመ እንተጸኒሐ’ኸ?*

- ከምቲ ተፈሊጡ ዘሎ ኑቶም ኣብ እስራኤል ብዘይ ሕጊ ክነብሩ ዝጸንሑ ብ ወለንቶኦም ንኽምለሱ ክተሓባበሮም ምእንቲ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ሓበሬታ ወረቓቕቲ ይዝርግሕ ኣሎ።
- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ናይ ወለንታዊ ምምላስ መደብ ድልየት እንተኔርካ ንዕኡ ገዲፍካ ኣብዝኾነ ግዜ ናይ ስደተኛ መሰል ክትሓትት ትክእል ኢኻ።
- ዋላኳ ናትካ ወለንታዊ ናይ ምምላስ ድሌት ነቲ ናይ ስደተኛ ሕቶኻ ጽልዋ እንተዘይብሉ፣ ኣብቲ ግዜ ቃለመጠይቕ ነቶም ሓለፍቲ ብንጹር ኣብቲ መገመርታ ንኽትፍርም ዝደፋፍኣካ ጉዳይ ንመኽረካ።

**ዝኾነ ሕቶታት እንተለካ ወይድማ ናይ መሕተቲ ፎርም ክትመልእ ጸገማት እንተጋጢሙካ ወይ ዝያዳ ሓገዝ እንተድለካ ኑ፣ ብኽብረትካ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻና ተወከስ።**


**ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር.** *ንርከበሉ ኣድራሻ:* 119 ሃ’ሃሽሞናኢም፣ ካልኣይ ደርቢ፣ ተል ኣቪቭ
ተሌፎን: 03-637-6500 | ፋክስ. 03-516-7800 | ኢ.መይል ኣድራሻ: ISRTE@unhcr.org
*ኣጋይሽ ምቕባል ሰዓታት:* ሰንበትን, ሰኑይን, ሰሉስን, ሓሙስን 9:00 – 12:00
ረቡዕ ኣጋይሽ ኣይንቕበልን ኢና


**እዚ ጽሑፍ ብምትሕብባር ምስ ትካላት ተጣባቕቲ መሰላት (ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. ከማኡድማ ኣ.ሳ.ፍ.) ዝተዳለወ እዩ።**